# መንነት ተበለጽቲ ነለልዮ ዶ ኣሎና?

ብስዩም ገብረወልዲ

ነዚ ዓንቀጽ ክጽሕፍ ሓደ ሓቂ ኢዩ ደሪኹኒ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ውሑዳትን ኣጸቢቑ ዝፈልጦምን ሰባት ለካዕካዕን ውጥምጥምን ክብሉ እርእይ ስለዘለኹ፡ እቲ ተግባር ከኣ ባህሪ ተኹላ ኣዘኻኺሩኒ። ዛንታ ተኹላን በጊዕን ኣዝዩ ዝውቱርን ፍሉጥን ምስላ ኢዩ። መብዛሕትኡ እዋን፡ ንቅኑዕን ኣምሰሉን ወይ ንምግባዝን ምኽንን ፈላሊና ንምርኣይ ንጥቀምሉ። እቲ ልክዕ ባህሪ ሰብ፡ ኣብ ቀውጢ መድረኽ ኢዩ ዝፍለጥ። ግዜ፡ ንሓቀኛን በለጸኛን ኣጕሊሑ ከም ዘርእየና ብግብሪ ተዓዚብና ኢና። በለጸኛ መርገጺ ዝሕዝ ሰብ፡ መቖሚ የብሉን ወይ ኣብ ሓደ ደው ክብል ኣይክእልን። ባህርያት በለጸኛ ሰብ ምስ ጠባያት ነፋሒቶ ኣዛሚዶም ዝገልጽዎ ሰባት'ውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ነፋሒቶ፡ ብእትውንኖ ካብ ኣካላታ ተፈልዩ ክምብልብል ዝብል ኣዒንቲ፡ ቀልጢፉ ቆብ ዘብል ተጠምጣሚ ጭራን ሰላሕታዊ ኣካይዳን ኢያ ትፍለጥ። ልዕሊኡ ግን እቲ ምስ ከባቢኣ ንምምሳል እትገብሮ ምቕይያር ሕብሪ ቆርበት ካብ ካልኦት ፍጥረታት ከም ዝፈልያ ንኹሉ ሰብ ብሩህ ኢዩ። ኣብ ሓደ ሓሳብ፡ ኣተሓሳስባን እምነትን ዘይጸንዕ ወይ'ውን ኣብ ዝበሎ ዘይጸንሕን ብቐሊሉ ዝዝወርን ባህሪ ዘለዎ ሰብ፡ ነፋሒቶ ክብሃል ይከኣል። ናይ ገዛእ ርእሱ መንነትን ሰብኣዊ መለለዪ ዘይውንን'ውን ነፋሒቶ እንተተባህለ ዝበዝሐ ኣይኮነን። ምስ ዝነፈሰ ንፋስ ዝነፍስ፡ ኣብ ዝሞቕ ዝስሕን፡ በለጸኛ ባህሪ ዝውንን ሰብ፡ ኣዝዩ ሓደገኛ ምኳኑ ታሪኽ ይምህረና። ኣብ ጉዕዞና'ውን ብዙሕ ርኢና ኢና።

ባህሪ ኣምሰሉን በለጸኛ መርገጺ ሒዞም ዝንዓዙ ውሑዳት ኣይኮኑን። እዞም ሰባት፡ ትማሊ ዝበልዎ ሎሚ ኣይደግምዎን። ሎሚ ዝሓለምዎ ጽባሕ ክፈትሕዎ ኣይብገሱን። እዞም ሰባት፡ ኣፈ ጨለታት ኮይኖም ክምድሩን ኣብ ዝፈልጥዎን ዘይፈልጥዎን ጉዳይ፡ ቅልቅል ቅልቅል ወይ ውጥምጥም ክብሉ ክንርእይን ክንሰምዕን ጸኒሕናን ኣሎናን።

ምድረ ኤርትራ'ውን ባህሪ ነፋሒቶን በለጸኛ ጠባይን ዝውንኑ ሰባት ጸይራ ትኸይድ ኣላ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ነዞም ሰባት ከም ገጻት መጽሓፍ በብምዕራፉ እንተድኣ ገንጺልናዮም፡ ባህሪ ነፋሒቶ ብልክዕ ንረኽበሎም። ሓደ ካብኦም ዶክተር ግርማይ ነጋሽ ኢዩ። ዶክተር ግርማይ ነጋሽ፡ ሓደ ካብቶም በለጸኛ ባህሪ ዝውንኑ ሰባት ዘስምዮ ሕሉፍ ተግባራቱ ብዙሕ ክዝርዝር ይክኣል። ብቐረባን ብማዕዶን ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ሰብ እዩ። ውሑድ ካብቲ ብዙሕ በለጸኛ መለለዩኡ ክጠቅስ። ኣብ መስመር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ከተማ ካብ ዝቃለሱ ዝነበሩ ውፉያት ሓደ እየ። ኣኽርያ ካብ ዝነበረት ገዛ እንዳቦይ ከሊፋን ካልኦትን እናተበገስና ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኣስመራ፡ መንእሰያት ዒላማ ብምግባር ኣብ እንንቀሳቐሰሉ ዝነበርና እዋን፡ ናይ ግርማይ ነጋሽ ተግባራት ኣይርስዖን እየ።

ግርማይ ነጋሽ፡ ኣብ መጀመርያ ናይ 1970ታት፡ ተሓጋጋዚ መምህር ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኢዩ ኔሩ። ኣብቲ እዋን፡ ኣንጻር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ ቃልስና ድማ ብፍላይ ዝወስዶ ዝነበረ ተግባራት ካብ ሓንጎለይ ንሓንቲ ደቒቕ ተሰዊሩ ኣይፈልጥን። ነቶም ኣብታ ዩኒቨርስቲ ንሃገራውነት ዝጉስጉስ ምንቅስቓስ ነካይድ ዝነበርና ተቓለስቲ፡ ዝተዛረቦ ቃል ካብ ኣእምሮና ዝሃስስ ኣይኮነን። ብሕልፊ እቶም ብተስፋማርያም ወልደማርያም ተመሪሕና ትጉህ ቃልሲ ነካይድ ዝነበርና ኣለይቲ፡ ነቲ ብድዐ ንጻወሮ ኣይነበረናን። "እዚ ትገብሩዎ ዘለኹም ቃልሲ ትርጉም የብሉን። ምስ ዓባይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ገጢምካ ክትዕወት ዝሕሰብ ኣይኮነን። እዚ ቃልሲ ናይ ሸፋቱ ኢዩ " ዝብል መሪር ቃል ክዛረብ ኣይርስዮን።

እቲ እዋን፡ ዓቢ መምህር ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ምሁርን ዶክተር ጴጥሮስን ካልኦት ኤርትራውያንን ኣብ ፈቖዶ ኣንጎሎታት ኣስመራን ቁሸትን ብስልኪ ተሓኒቖም ዝተደርበዩሉ ዓመታት ኢዩ። በንጻር ግርማይ ነጋሽ ተምሳጥ ኢትዮጵያውነት ከግህድ ተራእዩ። ድሕር'ዚ ፍጻሜ'ዚ፡ ናብ ግርማይ ነጋሽ ብኣካላት ውዳበ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ መልእኽቲ መጠንቀቕታ ክንሰደሉ ተገዲድና። ብመሳርሕቱ ኣቢልና ዘጽናዕናዮ ሓበሬታ፡ ግርማይ ነጋሽ ምድንጋጽ ወይ ክቱር ዝንባለ ኢትዮጵያውነት ኔሩዎ። ናይ ሕማቕ እዋን ዝኽሪ ይሃስስ እምበር ኣይርሳዕን ኢዩ። ግርማይ ነጋሽ፡ ድሕሪ ውሑድ ግዜ ኣንፈት ናይ ቃልስና ተዓዚቡ፡ ንስምዒት ኢትዮጵያውነት ደጊሉ ወይ ከዲኑ፡ ከም ሃገራዊ ውጥምጥም ክብል ጀሚሩ ኔሩ። ክፈላሰፍን መን ከማይን ክብል ተራእዩ። ዘትክለሉ መቐሚ ግን ኣይነበሮን። ሃገራውያን ቃልስና ክንቅጽል ንሱ ቀልጢፉ ናብ ስደቱ ኣምሪሑ። ድሕሪ እቲ ናብ ኣምሰተርዳም ምእታው'ውን፡ ሓንሳብ ኢትዮጵያዊ ሓንሳብ ኤርትራዊ ሓንሳብ ሆላንዳውን ካልእን ብምምሳል፡ ከም ኣረጊት ከልቢ ኣብ ዝሞቖ መንደቕ እናተጸግዐ ተጓዒዙ። እዚ ባህርያት ግልብጥብጥ እዚ፡ ነቶም ብቐረባ ኣጸቢቕና ንፈልጦ ሰባት ኣይሓደሰናን። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ'ውን፡ ልዕሊ እቶም ጸኒያም ንሃገር ብኹሉ ኣበርክቶ ዝተቓለሱ ዋና ክኸውን ሃቂኑ። ንስራሕን ምብልሓትን ካልኦት ሰባት ብምምንዛዕ፡ ስምን ዝናን ክሸምት ተጓይዩ። ልዕሊ ሰብ መሲሉ ክወጽእን ክምድርን ተሰሚዑ፡ ህቡብ ንምዃን ፈቖዶኡ ኣፍደገታት ቤት ጽሕፈት ክሕኵሕ ይውዕል ከም ዝነበረ ናይ ቀረባ ዝኽሪ ኢዩ።

ምስ ግርማይ ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ኣስመራ ምስ መጸ፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ሓደ ንኽልተና ኣጸቢቑ ዝፈልጠና ሓላፊ ተራኺብና። ምስ ምዕዝዓዝ ነብስን ምብራሕ ጸጉሪ ርእሰይን ከላልየኒ ኣይከኣለን። በዚ ከኣ "ጋጊኻዮ ዲኻ" ብምባል ኣዘከሮ። ንዓይ'ውን "ዘኪርካዮ ዶ" ኢሉ ሓቲቱኒ። "ከመይ ጌረ ክርስዮ" እናበልኩ ብውሽጠይ፡ ርእሰይ ነቕኒቐሉ። ምሉቐ ኢሉ ምስ ወጸ፡ "ኣንታ ከመይ ጌርኩም ኢኹም ትኣምንዎ ነዚ፡ 'ይብል ኔሩ' በለኒ፡ ሓንቲ መዓልቲ ግልብጥ ክብለኩም ኢዩ" ኢለዮ ኔረ። ካብቲ ዝገመትኩዎ ኣይወጻኹን። ካብ 2009 ኣትሒዙ ብውሽጢ ውሽጢ ሓንሳብ ምስ ኢትዮጵያውን፡ ሓንሳብ ምስ ኣባላት ማሕበረኮም ኤርትራውያን፡ ካልእ ሳዕ ከኣ ዋና ተጋዳላይ ተሓኤ ኮይኑ ክእክብን ክውድብን ፈቲኑ። ኣብ ለካቲት 2013 ከኣ፡ ዘስደምም ምትእኽኻባት ክገብር ተራእዩ። ብስምን ዝናን ሰባት ክድልል

ግርማይ ነጋሽ ካብቲ ንናብቲ፡ ግልብጥ ግልብጥ ክብል ንዕዘቦ ኣሎና። ኣብዚ እዋን እዚ ኸኣ፡ ነቲ ተሓጋጋዚ መምህር ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ከሎ ዝብሎ ዝነበረ ቃል ምድጋሙ ሓድሽ ኣይኮነን። ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብምኽሓድ፡ ናይ ሽፋቱ ወይ ቃልሲ ወንበዴታት ኢዩ ኔሩ ክብል ይስማዕ ኣሎ። ባህሪ በለጸኛ ሰብን ጠባይ ነፋሒቶን ሓደ ስለ ዝኾነ ኣየገርምን ኢዩ። ንዋጋን ደምን ዜጋታት ሓርነት ብሓፈሻ ታሪኽን ህዝብን ሰውራ ኤርትራ ድማ ብፍላይ ኣብ ጸወታ በለካለኽዓካ ክኣትው፡ ዝቕበሎ የሎን። ናይ ግርማይ ነጋሽ ኮነ ናይ ካልኦት ኣድላዪ ምስ ዝኸውን ኩሉ ካልእ ሕሱር ተግባራት ምኽልዕ  እዋኑ ኢዩ።

.....ክቕጽል እየ።